# መንዩ መራሒ?፤

ብ.ጴጥሮስ ተኽሉ፡ (ሓላዪ)

መንዩ መራሒ፤ መንዩ ሓላፊ፤
ብርእይቶ ብዙሓት ዘይተአፋፊ
ራኢ ዘለዎ መጻኢ ክደምቕ
ተማሂሩ ዝምህር፡ ፍልጠቱ ዘዕሙቕ፡
ከባቢኡ ዘስተብህል ኢሉ ዘወር
ጽሮት ዘለዎ፤ ጸገም ዝጻወር
መብጽዓ ዘይጠልም፤ ጸጽብቑ ዝሓልም
ሃገር ሰላም ጌሩ፡ ዘልምዕ ዘለምልም፡
ርእሱ ከየልዓለ ወይውን ከይጸቐጠ
ብምርጫ ህዝቡ ወኪል 'ተቐመጠ
ክአሊ'በር፤ ስልጣን ዘይሃርፍ
"ብኣፍካ ጣቋ" ቅድሚ ሚክሮፎን ዘይልፍልፍ፡
ዘይድለል ብብሩር ብወርቂ
ዝዓተረ አብ ኢዱ ዘንጊ ሓቂ
ዘይታለል ብዕንቂ ብጨርቂ
ብፍትሒ ዝዳኒ ዘይፈቱ ጸይቂ፡
'ታይ ንግበር'በር ዘይብል ግበሩ
ርእይቶ አዋህሊሉ ሓዲኡ ተግብሩ
ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ ኢሉ ዘይሃልል
እወ! ርእይቶ ብዙሓት ዘዋህልል፡
ድቃስ ዝነጸፎ ክሓስብ ዝሓሸ
ፈሰስ መመንዚዑ በይኑ ዘይሓሸሸ
አብ ስልጣን ኮረሻ ዘይለመደ ሸሸ

አብ ቃሉ ዝጸንዐ ህዝቡ ዘይቀሸሸ፡

እንካን ሃባን መትረብ ዝኸፈተ

ብንዓይ ይጥዓመኒ ዘይሃውተተ

ጸገም ህዝቡ ሪኡ ዘይተዓመተ

ብፍቕሪን ስኒትን ሓርነት ዘሸወተ።

ንተሓታተት

መንዩ መራሒ፧

ንህዝቡ ዝሓሊ በይኑ ዘይረባሒ።

ንተሓታተት

መንዩ ሓላፊ፧

ብርእይቶ ብዙሓት ዘይተአፋፊ።

ንተሓታተት

መንዩ መሪሕ ዕዉት፧

ተቃሊሱ ዘቃልስ፤

በይኑ ዘይህውትት።

መንዩ ኣላዪ፧

መንዩኽ ሓላዪ፧

እፎይታ ዘንግስ፤

ብንቕሓት ዝግስግስ።